# ቃንዛ ጎሮሮ (Ont i halsen)

**ዚበዝሑ ረኽስታት ጎሮሮ: ጠንቆም ቫይረስ ይኹን ባክተርያ ብዘየገድስ: ባዕሎም ኣብ ውሽጢ ሰሙን ይሓውዩ። ንስኻ ወይ ደቅኻ ዘየስዕል ቃንዛ ጎሮሮ ወይ ረስኒ: ምልሕታት ጎሮሮ ወይ ፌፍታ ኣለኩም'ዶ? ብሕልፊ ስትረፕቶኮከር ዚበሃል ባክተርያ ዝጠንቁ ነድሪ ሓናት (halsfluss) ኪኸውን ይኽእል'ዩ።**

## ብነድሪ ሓናት ንዚመጽእ ቃንዛ ጎሮሮ ዚምልከቱ ምኽርታትን ጭብጥታትን

### ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ይገበር'ዶ ኣይገበር?

ቅልል ዝበለ ነድሪ ሓናት ምስ ዝሕዘካ መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን (antibiotika) ስለ ዝበላዕካ ቶሎ ኢሉ ኣይገድፈካን'ዩ። ቅልል ዝበለ ወይ ጽንክር ዝበለ ሕማም ጎሮሮ እንተ ሒዙካ ሓኪም ቅልጡፍ ምርመራ (snabbtest) ኪገብር ይኽእል'ዩ። እቲ ዚግበር ምርመራ ኣብ ጎሮሮኻ ስትረፕቶኮከር ከም ዘለዉኻ እንተ ኣግሂዱ: ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ክትገብር ይሕበረካ። ኣብ'ዛ ጉዳይ'ዚኣ እቲ ወቕቲ ሕማም ብ2-3 መዓልቲ ይሓጽር። ድሕሪ ናይ 2-3 መዓልቲ ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ንኻልኦት ኣይተላግብን ኢኻ።

### ተሰከምቲ ባክተርያ ስትረፕቶኮከር ሕክምና ኣይግበረሎምን'ዩ

ቈልዑ ምንም ከይሓመሙ ኣብ ጎሮሮኦም ስትረፕቶኮከር ኪህልዎም ልሙድ'ዩ። ንጹር ምልክት ሕማም ነድሪ ሓናት ኣብ ዘይብሎም ቈልዑ ቅልጡፍ ምርመራ ዘግብር ምኽንያት የለን። ነዊሕ እዋን ይገብር: ነድሪ ሓናት ረስኒ ቅርጥማትን ነድሪ ኵሊትን የኸትል ኔሩ። ኣብ'ዚ ሎሚ እዋን ግን እዞም ሕማማት ኣብ ሽወደን ልሙዳት ኣይኮኑን። ስለ'ዚ ነቶም ሕማም ከይተራእዮም ኣብ ጎሮሮኦም ስትረፕቶኮከር ዚስከሙ ጸረ-ተህዋስያን ኪወሃቦም የብሉን።

### ጠቓምቲ ምኽርታት

- ዚስተ ነገርን ሚንትን (halstabletter) ምውሳድ ነቲ ቃንዛ ኬህድእ ይኽእል'ዩ።
- ቃንዛ ዘህድኡ መድሃኒታት (ንኣብ. ፓራሴታሞልን ኢቡፕሮፌንን) ከከም ኣድላይነቶም ምውሳድ ይከኣል'ዩ።
- ረስኒ ኪለዓል ከሎ ዕረፍቲ።
- ንኻልኦት ከይተመሓላልፍ ኣእዳውካ ኣዘውቲርካ ተሓጸብ።

### ከተስተብህለሎም ዘለካ ነገራት

ኵነታት ሕማምካ እንተ ብኢሱ ወይ ኣብ ውሽጢ 3-4 መዓልቲ እንተ ዘይሓሸካ ምስ ሓኪም ከምብሓድሽ ርክብ ግበር። ምውሓጥ ወይ ኣፍካ ምኽፋት እንተ ኣጸጊሙካ'ውን ምስ ሓኪም ርክብ ግበር። ኣብ ጎሮሮኻ ምጒሊ ኣንጭዋ (ዓንቀርካ ኪመጒል) ወጺኡካ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

## ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ጥራይ

ጸረ-ተህዋስያን (ኣንቲቢዮቲካ) ብሓቂ ጥቕሚ ኣብ ዚርከቦ ጊዜ ጥራይ ክንጥቀም ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ ኣካላዊ ምክልኻል ዓቕሚ (immunförsvar) ተኣማሚንና ኣካልና ካብ'ቶም ልሙዳት ሕማማት ረኽሲ ባዕሉ ኪሓዊ ክንገድፎ ኣለና። ረስኒ ግድን ኵሉሳዕ ከም ኣሉታዊ ነገር ኪረአ የብሉን፤ እንታይ ደኣ ከም ሓደ ክፋል ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኪረአ ኣለዎ።

- ጸረ-ተህዋስያን ንፍወሳ ረኽሲ ቫይረስ ኣይሕግዝን'ዩ
- ቅልል ዝበለ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ዚኽሰተሉ ወቕቲ ጸረ-ተህዋስያን ንዕምሪ ሕማም ኣየሕጽርን'ዩ
- ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘየድልየሉ ወቕቲ ኪውሰድ የብሉን ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኣካልና ዚርከቡ ጠቓምቲ ባክተርያታት ከጥፍኦም ስለ ዚኽእል:
- ጸረ-ተህዋስያን ከም ውጽኣትን ሽፍታ ቆርበትን ዝኣመሰሉ ጎድናውያን ሳዕቤናት ኬኸትል ይኽእል'ዩ
- ዕቅን ዘይብሉ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን ባክተርያታት ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ኣብ ምግባር ግደ ኣለዎ

ዘየድሊ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን እንተ ነኪና: ንምዕባለ ተጻወርቲ ዓይነት ባክተሪያ ኣብ ምቕያድ እጃምና ነበርክት። ከምኡ ምስ ንገብር ኢና ድማ ኣብ መጻኢ ንጽንኩራት ረኽስታት ፈውሲ ብቐጻሊ ኪህልወና ዚኽእል። ጽቡቕ መግቢ እንዳተመገብና: ብስርርዕ ምንቅስቓስ ኣካል እንዳኣዘውተርናን ብተደጋጋሚ ኣእዳውና እንዳተሓጸብናን ብዝሓሸ ኣገባብ ጥዕናና ክንክሕሉ ኢና።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 1177.se/vasterbotten ኣሎ።

VÄSTERBOTTENS LÄNS LANDSTING

LANDSTINGETS INFORMATIONSSTAB(ES) • UMEÅ DECEMBER 2012 Tigrinia

# ነድሪ እዝኒ (Öroninflammation)

**ነድሪ እዝኒ ኣብ ቈልዑ (ስሕት ኢሉ ድማ ኣብ ኣባጽሕ) ብልሙድ ዚኸሰትን ዚበዝሕ እዋን ከኣ ኣስጋኢ ዘይኮነ ረኽሲ'ዩ። እዚ ረኽሲ'ዚ ዚበዝሕ እዋን ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን (antibiotika) ከይተገብሮ ባዕሉ ይሓዊ። ዝሓመሙ ቈልዑ ጸረ-ተህዋስያን መድሃኒት ወሲዶም ይኹኑ ኣይኹኑ: ቃንዛ ዘህድእ መድሃኒት ንገለ መዓልቲ ምውሳድ ከድሊ ይኽእል'ዩ።**

## ንነድሪ እዝኒ ዚምልከቱ ምኽርታትን ጭብጥታትን

### ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ይገበር'ዶ ኣይገበር?

ኣብ ዝበዝሑ ቈልዑ ዚኸሰት ቀልል ዝበለ ነድሪ እዝኒ ብዘይ ሕክምና ጸረ-ተህዋሰያን ባዕሉ ይሓዊ። እዚ ኣውራ ነቶም ካብ ሓደ ክሳብ ዓሰርተውክልተ ዝዕድመኦም ቈልዑ ይምልከት። ትሕቲ ሓደ ዓመት ወይ ልዕሊ ዓሰርተውክልተ ዝዕድመኡ ውላድካ ነድሪ እዝኒ እንተ ሒዝዎ ግን ሕክምና ጸረ-ተህዋሰያን ይግበረሎም። ንዕድመኦም ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝኾኑ: ኣብ ድርብ እዝኒ ነድሪ ተላዒልዎም ከቦሮ እዝኖም ዝተተርበዐ'ውን ሕክምና ጸረ-ተህዋሰያን ይግበረሎም'ዩ። ስሕት ኢሉ ሓኪም: እቲ ዝሓመመ ቈልዓ ኣብ ውሽጢ 1-2 መዓልቲ እንተ ዘይሕሸዎ: ድሒርካ ኪውሰድ ዚኽእል ወረቐት ትእዛዝ (recept) ኪጽሕፍ ይኽእል'ዩ።

### ከምብሓድሽ ርክብ ምግባር ዘድልዮ

- ሕበጥ ምስ ዚለዓል ወይ ዝባን እዝኒ ምስ ዚቐይሕ ወይከኣ እዝኒ ውጥም ኪብል ምስ ዚጅምር።
- ረስኒ ተላዒሉ ኵነታት ምስ ዚብእስ: ቃንዛ ምስ ዚውስኽ ወይ ሓፈሻዊ ጥዕና ምስ ዚጸሎ።
- እዝኒ ፈሳሲ ምስ ዚገብር (ወይ ኣቐዲሙ ዝተኣዘዘ ፈውሲ ኣምጺእካ ጸረ-ተህዋሰያን እንተ ሂብካ)።
- ካልእ ዝበኣሰ ኵነታት ምስ ዘጋጥም: ንኣብነት ቃንዛ: ፈሳሲ ካብ እዝኒ ወይ ምጽላው ሚዛን ኣካላት (ደው ናይ ምባል ክእለት)።

### ጠቓምቲ ምኽርታት

- ቃንዛ ዘህድኡ መድሃኒታት ንኣብነት ከም ፓራሴታሞል ንዝሓመመ ቈልዓ ከከም ኣድላይነቱ ምሃብ ይከኣል'ዩ። እቲ ቈልዓ ልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ እንተ ኾይኑ ኢቡፕሮፌን ምሃብ'ውን ይከኣል'ዩ።
- ንርእሲ ቈልዓ ተወሳኺ መተርኣስ ጌርካ ኣበርኽ ምባል ወይ ንወገን ርእሲ ዓራት ምብራኽ።
- እቲ ቈልዓ ቅድሚ ናብ መዋእለ-ህጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ምኻዱ ንሓደ መዓልቲ ረስንን ካልእ ምልክት ሕማምን ዘይብሉ ኪኸውን ኣለዎ።

### ክትትል

ኣብ ሓደ እዝኑ ነድሪ እዝኒ ዝሓዞ ቈልዓ ክትትል ኣየድልዮን'ዩ። ካብ ኣርባዕተ ዓመት ዝንእሱ ቈልዑ እዞም ዚስዕቡ ከይህልዉዎም ኣብ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ቍጽጽር ኪግበረሎም ኣለዎ:-

- ነድሪ ድርብ እዝኒ (Dubbelsidig öroninflammation)።
- ነድሪ ኣብ ሓደ እዝኒ: ኣብ ካልኣይ እዝኒ ብድሕሪ ከበሮ እዝኒ ፈሳሲ ምስ ዚህሉ።

ነድሪ እዝኒ ኣብ ዚሕዘሉ እዋን ናይ ምስማዕ ክእለት ኪንኪ ልሙድ'ዩ። ስለ'ዚ ክልተ እዝኖም ዝሓመሙ ኣርባዕተ ዓመትን ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድመኦምን ቈልዑ ናይ ምስማዕ ክእለቶም ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ገና ዘይተመሓየሸ ከይከውን ኪረኣዩ ኣለዎም። ውላድካ ነድሪ እዝኒ ይሃልዎ ኣይሃልዎ: ናይ ምስማዕ ክእለቱ ከም ዝበኣሰ ትጥርጥር እንተ ኾይንካ ኵሉሳዕ ናብ ሓኪም ኪድ።

## ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ጥራይ

ጸረ-ተህዋሰያን (ኣንቲቢዮቲካ) ብሓቂ ጥቕሚ ኣብ ዚርከቦ ጊዜ ጥራይ ክንጥቀም ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ ኣካላዊ ምክልኻል ዓቕሚ (immunförsvar) ተኣማሚንና ኣካልና ካብ'ቶም ልሙዳት ሕማማት ረኽሲ ባዕሉ ኪሓዊ ክንገድፎ ኣለና። ረስኒ ግድን ኵሉሳዕ ከም ኣሉታዊ ነገር ኪረአ የብሉን፤ እንታይ ደኣ ከም ሓደ ክፋል ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኪረአ ኣለዎ።

- ጸረ-ተህዋሰያን ንፍወሳ ረኽሲ ቫይረስ ኣይሕግዝን'ዩ
- ቀልል ዝበለ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ዚኽሰተሉ ወቕቲ ጸረ-ተህዋሰያን ንዕምሪ ሕማም ኣየሕጽርን'ዩ
- ጸረ-ተህዋሰያን ኣብ ዘየድልየሉ ወቕቲ ኪውሰድ የብሉን ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኣካልና ዚርከቡ ጠቐምቲ ባክተርያታት ከጥፍኦም ስለ ዚኽእል:
- ጸረ-ተህዋሰያን ከም ውጽኣትን ሽፍታ ቆርበትን ዝኣመሰሉ ጎድናውያን ሳዕቤናት ኬኸትል ይኽእል'ዩ
- ዕቅን ዘይብሉ ኣጠቃቕማ ጸረ-ተህዋሰያን ባክተርያታት ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ኣብ ምግባር ግደ ኣለዎ

ዘየድሊ ኣጠቃቕማ ጸረ-ተህዋሰያን እንተ ነኪና: ንምዕባለ ተጻወርቲ ዓይነት ባክተሪያ ኣብ ምቕያድ እጃምና ነበርክት። ከምኡ ምስ ንገብር ኢና ድማ ኣብ መጻኢ ንጽንኩራት ረኽስታት ፈውሲ ብቐጻሊ ኪህልወና ዚኽእል። ጽቡቕ መግቢ እንዳተመገብና: ብስርርዕ ምንቅስቓስ ኣካል እንዳኣዘውተርናን ብተደጋጋሚ ኣእዳውና እንዳተሓጸብናን ብዝሓሸ ኣገባብ ጥዕናና ክንክሕሉ ኢና።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 1177.se/vasterbotten ኣሎ።

VÄSTERBOTTENS LÄNS LANDSTING

# ነድሪ ጉርጉማ (Luftrörskatarr)

**ነድሪ ጉርጉማ ኪሕዘካ ከሎ ሻምብቆታት ኣየር ኣካልካ ይሓብጡን ይስርሰሩን። እቲ ኣውራ ጸገም ዘለዎ ሰዓል'ዩ፤ ብገምጋም ከኣ ንሰለስተ ሰሙን ይጸንሕ። ንዓኻ ወይ ንደቅኻ'ውን ረስኒ: ቃንዛ ጎሮሮን ፈፍታን ኪሕዘኩም ይኽእል'ዩ። ነድሪ ጉርጉማ ጠንቁ ቫይረስ'ዩ። እዚ ረኽሲ'ዚ ብልሙድ ባዕሉ ይሓዊ።**

## ንነድሪ ጉርጉማ ዚምልከቱ ምኽርታትን ጭብጥታትን

### ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ይገበር'ዶ ኣይገበር?

ጥዑይ ሳምቡእ ዘለዎ ሰብ ነድሪ ጉርጉማ ምስ ዚሕዞ ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን (antibiotika) ኣየድልዮን'ዩ። ጠንቂ ናይ'ቲ ነድሪ ጉርጉማ እቶም ልሙዳት ባክተርያ ወይ ሚኮፕላስማ ይኾኑ'ምበር: መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን ምውሳድ ቀልጢፉ ኣየሕውየካን'ዩ። ፍሉጥ ሕማም ሳምቡእ ዘለዎም ውልቀሰባት ነድሪ ጉርጉማ ምስ ዚሕዞም ስሕት ኢሉ መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን ኬድልዮም ይኽእል'ዩ።

### ሰዓል ይከላኸለልካ'ዩ

ነድሪ ጉርጉማ ምስ ዚሕዘካ ዚመጽእ ሰዓል ኣሸጋሪ ኪኸውን ይኽእል'ዩ። ይኾን'ምበር: ሰዓል ክፋል ናይ ኣካላዊ ምክልኻል'ዩ። እቲ ኣብ ሻምብቆታት ኣየር ዘሎ ዓልገት (Slem) ነቲ ንውሽጢ ነተንፍሶ ደሮና: ባክተርያን ቫይረስን ብምሓዝ ንኣካልና ይከላኸለልና። ክንሰዕል ከለና ሽው እቲ ዓልገት ይወጽእ። እቶም ዝተኣከቡ ነገራት ከኣ በዚ ኣገባብ ካብ ኣካልና ይውገዱ። ከምኡ እንተ ዘይከውን ኔሩ: እዞም ነገራት ኣብ ኣካሊት ሳምቡእና ተኣኪቦም ረኽሲ ከምጽኡልና ምኸኣሉ። ሰዓል ነዊሕ እዋን መጽንሒኡ እቲ ኣብ ሻምብቆ ኣየር ዚኸሰት ቀጨውጨው ቀስ ኢሉ ስለ ዝሓዊ'ዩ።

### ጠቓምቲ ምኽርታት

- ዝስተ ነገር ዚበዝሕ እዋን ንጎሮሮ ከለሰልሰን ሰዓል ክቃልልን ይኽእል'ዩ።መድሃኒታት ኣብ ሰዓል ዘለዎም ጽልዋ ዚበዝሕ እዋን ትሑት'ዩ።
- ቃንዛ ዘህድኡን ረስኒ ዚንክዩን መድሃኒታት (ንኣብነት ከም ፓራሴታሞል ወይ ኢቡፕሮፌን ዝኣመሰሉ) ረስኒ: ቃንዛ ጎሮሮን ቃንዛ ኣፍልብን ኪንክዩ ይኽእሉ'ዮም።
- እቲ ቄልዓ ለይቲ ብዙሕ ስለ ዘሰዓሎ እኹል ድቃስ እንተ ዘይደቂሱ: መታን ከዕርፍ ኣብ ገዛ ምስኡ ኮፍ በል።
- ምትካክ ንምልክት ሕማም የጋድድ: ንተደጋጋሚ ሕማም (ጸገም) ዘሎ ሓደጋ ከኣ የዛይድ።
- ብኢድካ ጋሪድካ ወይ ብወረቐት መንዲል ጌርካ ስዓል ወይ ህንጥሸው በል፤ ንኻልኦት ከይተላግብ ከኣ ደጋጊምካ ኣእዳውካ ተሓጸብ።

### ከተስተብህለሎም ዘለካ ነገራት

ዚበዝሕ እዋን ክሳብ ትሓዊ ካብ 2-3 ሳምንታት ይወስድ። ንሰዓል ገዲፍካ ብኻልእ መዳይ ጽቡቕ ይስምዓካ እንተሎ ዘሰክፍ የብልካን። ደም ክትስዕል እንተ ጀሚርካ ወይ ከተተንፍስ ዘጸግመካ እንተ ኾይኑ: ምስ ማእከል ሓለዋ ጥዕና እንደገና ርክብ ግበር። ድሕሪ 4-5 ሳምንታት ሰዓል እንተ ዘይገዲፉካ: ወይ ኣብ ዓመት ኣዘውቲሩ ብተደጋጋሚ ነዊሕ ዚጸንሕ ሰዓል ዚሕዘካ እንተ ኮይኑ'ውን: ምስ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ርክብ ግበር።

## ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ጥራይ

ጸረ-ተህዋስያን (ኣንቲቢዮቲካ) ብሓቂ ጥቕሚ ኣብ ዚርከቦ ጊዜ ጥራይ ክንጥቀም ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ ኣካላዊ ምክልኻል ዓቕሚ (immunförsvar) ተኣማሚንና ኣካልና ካብ'ቶም ልሙዳት ሕማማት ረኽሲ ባዕሉ ኪሓዊ ክንገድፎ ኣለና። ረስኒ ግድን ኵሉሳዕ ከም ኣሉታዊ ነገር ኪረአ የብሉን፤ እንታይ ደኣ ከም ሓደ ክፋል ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኪረአ ኣለዎ።

- ጸረ-ተህዋስያን ንፍወሳ ረኽሲ ቫይረስ ኣይሕግዝን'ዩ
- ቅልል ዝበለ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ዚኸሰተሉ ወቕቲ ጸረ-ተህዋስያን ንዕምሪ ሕማም ኣየሕጽርን'ዩ
- ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘየድልየሉ ወቕቲ ኪውሰድ የብሉን ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኣካልና ዚርከቡ ጠቐምቲ ባክተርያታት ከጥፍኦም ስለ ዚኽእል:
- ጸረ-ተህዋስያን ከም ውጽኣትን ሽፍታ ቆርበትን ዝኣመሰሉ ጎድናውያን ሳዕቤናት ኬኸትል ይኽእል'ዩ
- ዕቅን ዘይብሉ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን ባክተርያታት ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ኣብ ምግባር ግደ ኣለዎ

ዘየድሊ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን እንተ ነኪና: ንምዕባለ ተጻወርቲ ዓይነት ባክተሪያ ኣብ ምቕያድ እጃምና ነበርክት። ከምኡ ምስ ንገብር ኢና ድማ ኣብ መጻኢ ንጽንኩራት ረኽሰታት ፈውሲ ብቐጻሊ ኪህልወና ዚኽእል። ጽቡቕ መግቢ እንዳተመገብና: ብስርርዕ ምንቅስቓስ ኣካል እንዳኣዘውተርናን ብተደጋጋሚ ኣእዳውና እንዳተሓጸብናን ብዝሓሸ ኣገባብ ጥዕናና ክንክሕሉ ኢና።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 1177.se/vasterbotten ኣሎ።

VÄSTERBOTTENS LÄNS LANDSTING

# ቃንዛ ሶርኖ (Ont i bihålorna)

**ጒንፋዕ ብልሙድ ኪሕዘካ ከሎ: ኣብ ኣፍንጫን ሶርኖን (bihålorna) ዘሎ ዓልገታዊ መምብራና (slemhinnorna) ይሓብጥ'ሞ: ንስኻ ወይ ደቕኻ ዓልገት ይመጸኩም፤ ሕፍስ ዝበለ ፊፍታን ቃንዛ ሶርኖን ከኣ ይስዕብ። እቶም ዝነኣሱ ቈልዑ ካብ 8-12 ሳዕ ኣብ ዓመት ሰዓል ይሕዞም። ኣባጽሕ ምስ ቈልዑ ቀረባ ርክብ እንተደኣ ኣለዎም: ኣብ ዓመት ካብ 2-3 ሳዕ ወይ ዚያዳ ሰዓል ይሕዞም። መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን (Antibiotika) ኣብ ሰዓል ምንም ውጽኢት የብሉን።**

**ጠንቂ ነድሪ ሶርኖ ዚበዝሕ እዋን ቫይረስ ወይ ባክተርያ'ዩ፤ ይኹን'ምበር ብኻልእ ምኽንያት ንኣብነት ከም ኣለርጂ ወይ ልዕለ-ተነቃፍነት (överkänslighet) ኪለዓል ይኽእል'ዩ። ዚበዝሕ እዋን ባዕሉ ይሓዊ።**

## ንቃንዛ ሶርኖ ዚምልከቱ ምኽርታትን ጭብጥታትን

### ቈልዑ

ኣብ ቍልዕነትካ ዚኸሰቱ ረኽስታት ኣገደስቲ ክፋላት ምህናጽ ዓቕሚ ምክልኻል (immunförsvaret) እዮም። ምእንት'ዚ'ዩ ድማ ቈልዑ ዚበዝሕ እዋን ሰዓል ዝሓሙን ንነዊሕ እዋን ሕብራዊ ፊፍታ ዘለዎምን። ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ሕማማት ወይ ጸገማት ጥቕሚ የብሉን። ኣብ ቈልዑ ሓደ ዝኣንፉ ነዊሕ ዚጸንሕ ፊፍታ ጠንቁ ከም ዕንቍ ዝኣመሰለ ሓደ ፍሉይ ዝኾነ ንጥረ ነገር ኣብ ውሽጢ ኣፍንጫ ብምልጋቡ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

### ኣባጽሕ

ኣብ ቅልል ዝበለ ነድሪ ሶርኖ መድሃኒት ጸረ-ተህዋስያን ውጽኢት የብሉን። ሕብራዊ ፊፍታ: ብርቱዕ ቃንዛ ምዕጉርቲ ወይ ስኒ ዘለዎ ካብ ዓሰርተ መዓልቲ ንላዕሊ ዚጸንሕ ጒንፋዕ ዝሓዞም ኣባጽሕ ጸረ-ተህዋስያን ኪጠቕሞም ይኽእል'ዩ። ብሕልፊ ሓኪም ኪምርምረካ ከሎ ኣብ መኻፍቲ ኣፍንጫ ሕፍስ ዝበለ መጋል ፊፍታ እንተ ረኺቡን እቲ ጸገም ሓደ ዝኣንፋን እንተ ኾይኑ።

ብምርመራ ራጂ ወይ ኡልትራ-ሳውንድ (ultraljud) ዝተረጋገጸ ጽንኩር ነድሪ ሶርኖ ምስ ዚኸሰት: እቲ ናይ ምሕዋይ ጊዜ ካብ 4-5 መዓልቲ ኪሓጽር ይኽእል'ዩ። እቲ ጸገም: ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ወሲድካ ኣይወሰድካ ነዊሕ ጊዜ (ካብ 2-3 ሳምንታት) እዩ ዚጸንሕ።

## ጠቓምቲ ምኽርታት

- ብዝሁም ማይ ወይ ማይ-ጨው ጌርካ ነፍንጫ ምሕጻብ ጸገም ከቃልል ይኽእል'ዩ።
- ኣፍንጫኻ እንተ ዛየደ ንዓሰርተ መዓልቲ ዚዕበስ እንተ ኾይኑ: ሕበጥ ዚንኪ ኔስ-ስፕረይ (nässpray) ምጥቃም ይከኣል'ዩ።
- ቃንዛ ዘህድኡ መድሃኒታት: ንኣብነት ከም ፓራሴታሞል ወይ ኢቡፕሮፌን ከከም ኣድላይነቱ ምውሳድ ይከኣል'ዩ።
- ኮርቲሶን ዘለዎ ኔስ-ስፕረይ ኣብ ኣባጽሕ ውጽኢት ኪህልዎ ይኽእል'ዩ፤ ብሕልፊ ኣብ ኣለርጂ ወይ ካልእ ዓይነት ኣብ ኣፍንጫ ዚኸሰት ልዕለ-ተነቃፍነት (överkänslighet)።
- ክትድቅስ ከለኻ ተወሳኺ መተርኣስ ምጥቃም።

## ከተስተብህለሎም ዘለካ ነገራት

*ቈልዑ:-* ልዑል ረስኒ: ዕንዛዘ (slöhet): ሕበጥ ወይ ቀሒ ኣብ ሶርኖ ወይ ኣብ ጨፍ ዓይኒ ምስ ዚኸሰት ናብ ህጹጽ ሕክምና ኪድ።

*ኣባጽሕ:-* ነዊሕ ዚጸንሕ ጸገም (3-4 ሳምንታት ወይ ዚያዳ): ብርቱዕ ቃንዛ: ሕበጥ ገጽን ልዑል ረስንን: ናብ ህጹጽ ሕክምና ክትከይድ ከም ዘለካ ዚሕብሩ ምልክታት'ዮም።

## ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ጥራይ

ጸረ-ተህዋስያን (ኣንቲቢዮቲካ) ብሓቂ ጥቕሚ ኣብ ዚርከቦ ጊዜ ጥራይ ክንጥቀም ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ ኣካላዊ ምክልኻል ዓቕሚ (immunförsvar) ተኣማሚንና ኣካልና ካብ'ቶም ልሙዳት ሕማማት ረኽሲ ባዕሉ ኪሓዊ ክንገድፎ ኣለና። ረስኒ ግድን ኰሉሳዕ ከም ኣሉታዊ ነገር ኪረአ የብሉን፤ እንታይ ደኣ ከም ሓደ ክፋል ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኪረአ ኣለዎ።

- ጸረ-ተህዋስያን ንፍወሳ ረኽሲ ቫይረስ ኣይሕግዝን'ዩ
- ቅልል ዝበለ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ዚኽሰተሉ ወቕቲ ጸረ-ተህዋስያን ንዕምሪ ሕማም ኣየሕጽርን'ዩ
- ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘየድልየሉ ወቕቲ ኪውሰድ የብሉን ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኣካልና ዚርከቡ ጠቓምቲ ባክተርያታት ከጥፍኦም ስለ ዚኽእል:
- ጸረ-ተህዋስያን ከም ውጽኣትን ሽፍታ ቆርበትን ዝኣመሰሉ ጎድናውያን ሳዕቤናት ኬኸትል ይኽእል'ዩ
- ዕቅን ዘይብሉ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን ባክተርያታት ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ኣብ ምግባር ግደ ኣለዎ

ዘየድሊ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን እንተ ነኪና: ንምዕባለ ተጻወርቲ ዓይነት ባክተሪያ ኣብ ምቕያድ እጃምና ነበርክት። ከምኡ ምስ ንገብር ኢና ድማ ኣብ መጻኢ ንጽንኩራት ረኽስታት ፈውሲ ብቐጻሊ ኪህልወና ዚኽእል። ጽቡቕ መግቢ እንዳተመገብና: ብስርርዕ ምንቅስቓስ ኣካል እንዳኣዘውተርናን ብተደጋጋሚ ኣእዳውና እንዳተሓጸብናን ብዝሓሸ ኣገባብ ጥዕናና ክንክሕሉ ኢና።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 1177.se/vasterbotten ኣሎ።

VÄSTERBOTTENS LÄNS LANDSTING

# ኢምፐቲጎ (Svinkoppor)

**ኢምፐቲጎ ዚበዝሕ እዋን ኣብ ተመሃሮ ቈልዑ ኣብ ልዕሊ ቈርበት ዚወጽእ ሕማም'ዩ። እቲ ልሙድ ዓይነት ኢምፐቲጎ ናብ ብጫ ገጹ ዘድሃበ ቀይሕ ቈርበት የኸትል፤ ጠንቁ ድማ ስተርፐቶኮክርን ስታፌሎኮከርን ዚበሃሉ ዓይነት ባክተርያ'ዮም።**

**ኢምፐቲጎ ዚበዝሕ እዋን ኣብ ገጽ ይወጽእ ግን ኣብ መላእ ኣካላት ሰብ'ውን ኪወጽእ ይኽእል'ዩ። እቶም ጠንቂ ዝኾኑ ባክተርያ ኣብ ጠሊ ዘለዎን ዝተሰርሰረን ቈርበት (irriterad hud) ብቐሊሉ ይለግቡ። እዚ ድማ ተውሳስ ዘለዎም ቈልዑ ብዝያዳ ከም ዚጥቅዑ ይገብር። ናይ'ዞም ቈልዑ ቈርበት ብልስሉሱን ብጥዕዩን ንምሓዝ ኣዘውቲርካ መለስለሲ ክሬማ: ምስ ዘድሊ ድማ ኮርቲሶን ዘለዎ ክሬማ ምጥቃም ኣገዳሲ'ዩ።**

## ንኢምፐቲጎ ዚምልከቱ ምኽርታትን ሓበሬታትን

### ደቂቕቲ ምልውዋጣት ቈርበት ኣብ ዚኸሰቱሉ ወቕቲ ዚግበር ሕክምና

ደቀቕቲ ምልውዋጣት ቈርበት ዚበዝሕ እዋን ብሓገዝ ሳምናን ማይን ባዕሎም ይሓውዩ። ክሳብ እቲ ዝነቐጸ ቈርበት ዚእለ: ነቲ ዚወጽእ ሽፍታ ብጥንቃቐ ኣጠልቅይ ኣቢልካ ንጉሆን ምሸትን ትሓጽቦ። ጸረ-ባክተርያ ክሎር-ሄክሲድ ፈሳሲ (klorhexidinlösning) ተጠቒምካ ተወሳኺ ሕክምና ምግባር ውጽኢት ኪህልዎ ይኽእል'ዩ። ትእዛዝ ሓኪም ዘየድልዮ ፈሳሲ ክሎር-ሄክሲድ ኣብ መድሃኒት ቤት ኣሎ፤ ንሓደ ሰሙን'ውን ክትዕቅኖ ትኽእል ኢኻ:።

### ዕብይ ዝበለ ምልውዋጣት ቈርበት ኣብ ዚኸሰተሉ ወይ ቍስሊ ኣብ ዘይሓውየሉ ጸረ-ተህዋስያን (antibiotika) ምጥቃም

ድሕሪ ሰሙን ቍስሊ እንተ ዘይሓውዩ ወይ ምልባዕ እንተ ቐጺሉ ምስ ማእከል ሓለዋ ጥዕና ርክብ ምግባር የድሊ። ሽዑ ክልተ ሳዕ ንመዓልቲ ንሓሙሽተ መዓልቲ ዚልከ ጸረ-ተህዋስያን ክሬማ ከድሊ ይኽእል'ዩ።

ውላድካ ኣብ ኵሉ ዝተላብዐ ምልውዋጣት ቈርበት እንተለዎ ወይ ኣበርቲዑ ዝተጋደደ ኢምፐቲጎ እንተለዎ: ብመልክዕ ፈሳሲ ወይ ከኒና ዚወሃብ ጸረ-ተህዋስያን ከድሊ ይኽእል'ዩ።

### ምልባዕ ሕማም ምውጋድ

ኢምፐቲጎ ብቐጥታ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብምትንኻፍ ወይ ከኣ ካብ ኣቕሓ ንኣብነት ኢምፐቲጎ ዘለዎ ቈልዓ ኣብ ኣፉ ዘእተዎ መጻወቲ ኪለግብ ይኽእል።

- ቈልዑን ወለድን ኣእዳዎም ኣዘውቲሮም ኪሕጸቡ ኣለዎም። ፈሳሲ ሳምናን ዚድርበ መንቀጺ ወረቐት ወይ ናይ ውልቂ መሃረብ ምጥቃም ይምረጽ። ናይ ኢድ ኣልኮል (handsprit) ምጥቃም'ውን እውን ይምረጽ'ዩ።
- ቀጥታ ምትንኻፍ ቍስሊ ኣወግድ።
- ዚከኣል እንተ ኾይኑ ነቲ ቍስሊ ብኣየር ዘለዎ መጀነኒ ሸፍን።
- ጽፍሪ ቈልዑ ኣሕጺርካ ሓዝ።
- ክዳውንትትን ፎደራን ኣዘውቲርካ ቀይር።
- መፉሕፍሒ ስኒ ቈልዑን ቺቾቶን ቀይር።
- መጻወቲ ቈልዑ ሕጸብ፤ ቈልዓ ዝሓዞ ንኣብነት መኽፈቲ ማዕጾ ኣጽሪ።

ተመሃሮ ቈልዑ ክሳብ ቍስሎም ብሱሩ ዚነቐጸ ዚመስል ኣብ ገዛ ኮፍ ኪብሉ ኣለዎም። ኢድካ ጽሩይ ኪኸውን ከም ዘለዎ ዚርድኦም ዕብይ ዝበሉ ቈልዑ ግን ንትምህርቲ ኪኸዱ ይኽእሉዮም።

## ሕክምና ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘድልየሉ ጊዜ ጥራይ

ጸረ-ተህዋስያን (ኣንቲቢዮቲካ) ብሓቂ ጥቕሚ ኣብ ዚርከቦ ጊዜ ጥራይ ክንጥቀም ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ናይ ኣካላዊ ምክልኻል ዓቕሚ (immunförsvar) ተኣማሚንና ኣካልና ካብ'ቶም ልሙዳት ሕማማት ረኺሲ ባዕሉ ኪሓዊ ክንገድፎ ኣለና። ረስኒ ግድን ኵሉሳዕ ከም ኣሉታዊ ነገር ኪረአ የብሉን፤ እንታይ ደኣ ከም ሓደ ክፋል ናይ ምክልኻል ዓቕምና ኪረአ ኣለዎ።

- ጸረ-ተህዋስያን ንፍወሳ ረኽሲ ቫይረስ ኣይሕግዝን'ዩ
- ቅልል ዝበለ ረኽሲ ባክተርያ ኣብ ዚኽሰተሉ ወቕቲ ጸረ-ተህዋስያን ንዕምሪ ሕማም ኣየሕጽርን'ዩ
- ጸረ-ተህዋስያን ኣብ ዘየድልየሉ ወቕቲ ኪውሰድ የብሉን ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኣካልና ዚርከቡ ጠቓምቲ ባክተርያታት ከጥፍኦም ስለ ዚኽእል:
- ጸረ-ተህዋስያን ከም ውጽኣትን ሽፍታ ቆርበትን ዝኣመሰሉ ጎድናውያን ሳዕቤናት ኬኸትል ይኽእል'ዩ
- ዕቅን ዘይብሉ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን ባክተርያታት ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ኣብ ምግባር ግደ ኣለዎ

ዘየድሊ ኣጠቓቕማ ጸረ-ተህዋስያን እንተ ነኪና: ንምዕባለ ተጻወርቲ ዓይነት ባክተሪያ ኣብ ምቕያድ እጃምና ነበርክት። ከምኡ ምስ ንገብር ኢና ድማ ኣብ መጻኢ ንጽንኩራት ረኽስታት ፈውሲ ብቐጻሊ ኪህልወና ዚኽእል። ጽቡቕ መግቢ እንዳተመገብና: ብስርርዕ ምንቅስቓስ ኣካል እንዳኣዘውተርናን ብተደጋጋሚ ኣእዳውና እንዳተሓጸብናን ብዝሓሸ ኣገባብ ጥዕናና ክንክሕሉ ኢና።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 1177.se/vasterbotten ኣሎ።

VÄSTERBOTTENS LÄNS LANDSTING